# መሰል ውሑዳት

ሕቶ ኣለኒ ብብሄር ብህዝቢ
ውዓል ሕደር ዘየብል ዘየጸቢ
እዛረብ የለኹን ብሃውሪ ብወዝቢ
ክላዘብ'የ ደልየ ምስ ንእሽቶ ዓቢ
ምስ ኹሉ ዜጋ ብዓል ቀልቢ
እንታይ ኰይኑ እዩ እቲ ቑስልና ዝርሕብ ዝዓቢ
ከም ኣብ መገሻ ዝተቐደ ሓርቢ
መሰፈዩ ሰኢኑ መለገቢ
ሎምስ „ሓፋሽ" ሰኢኑ ሕፍረቱ መጕልበቢ
ይብተን ኣሎ ከም ትኪ ዝኣተዎ ንህቢ
ትንፋሱ ሰኢና መዕቀቢ
ትልብለብ ኣላ ብሓዊ ናይ በደዊ
በሉ መታን ክንጠልል መታን ክንረዊ
ሕቖና ኣይንውህሃብ ንፍትሒ ነእዊ
እቲ ቀኣስልና'ድማ ኣምሳዩኡ ክሓዊ

ሕቶ ኣለኒ ንሓድሽ ንገዲም
ዘይልዓል ብኸበሮ ዲምዲም
ዘይትንባህ እንዳበልካ ዕሚም
ንሱባኤ ንእቶ ንሕደጎ ቂም
ውርሻ እኮ ኣለና ዓቢ ሪም
ክሳብ መዓስ ኢና ንሕሉፍ ንቕርም
ኣማዕዲና ዘይንጥምት መጻኢና ክንእርም
ክንጥዒ እንዳተጸበናስ ዓመታት ንሓምም

ሕቶ ህዝቢ ሕቶ ናይ መንነት
ተዋሂቡ ዘይሕደግ ብዓል ፍሉይ ደረት
ኣይኮነን ሕቶ ግሃነም ሕቶ ገነት
ኣይኮነን ሕቶ መበቀል፡ ሕቶ ዓልየት
ሕቶ ናብራ'ዩ መዓልታዊ ሂወት
ክሳብ መዓስ ኢና መጥሓንና ንሓብኦ ትሕቲ መሬት
ክሳብ መዓስከ ሰሃሮ ክሸመት
ኣእጋር ህዝብና'ኳ ተቐፊደን'የን ዘለዋ ብሰንሰለት
ደም እንዳነዝዓ ዝጽውዓ ንሓርነት
እንተድኣ ሓሰየ፡ ሓሲኻ ኢኻ በሉኒ፡ ብኡነት
እንኮ ሰድራ የላን ደም ዘይጠዓመት
ገሊኣ'`ኽኣ ብሕፍንቲ ምረት
ግና ወጽዓ ህዝብና ክርኤ እንተኹይኑ ክእመት
ሕጊ ንትከል ዝህበና ኣመት

ንእሽቶ ይኹን ዓቢ
ተቐባሊ ይኹን ውሃቢ
ሓራ'ዩ ብኣምላኽ ኣይኮነን ከዳሚ
ኣርዑት ክድዓት ይደርበዩ ንውሕጅ ሃማሚ
ሞቑሓቶም ይእሰርዎም ሰዓብቶም ንገዝሚ
ህዝብና ንሰላም ገና ሃንቀውታ ኣለዎ ዓቢ ሕልሚ
ክሳብ መዓስ'ዮም ሓላቑ ምልኪ ክጕርሱ ጠስሚ
መንእሰይ ዓድና'`ኽኣ ክጭልጡ ስሚ
ሎሚ ከፊእና ካብቲ ዘበን-ክፉእ ዓሚ
ዋጋና ትሒቱ ካብ ዕባራ ላሕሚ

ሰለሙን ይከኣሎ
ጥቅምቲ 2017
sykealo@yahoo.de